# <u>ጉዐይ!</u>







በዛ ቖልዓ ኣእምሮይ ደንዘዘ
ብጉዐይዶ ኣዒንተይ ፈዘዘ!
ጉዐይ በይዛኺ ’ባ ሕደግ’ንዶ
እቱ ዝመኽረክስ ስምዕኒ’ንዶ
ብኣኺ እኮ ዞይሩ ‘ቱ ሓንጐለይ
በይዛኺ እባ ሕደጊ የዕብየለይ!
ስምዕኒንዶ ኣንቲ ጉዐይ ጓለይ

ስምዕኒ እስኪ ኣንቲ ጉዐይ
ነዲደ ’ኮ ኣምዑተይ፣ ኣንጉዐይ
ብኣኺ ’ንዶ ‘ቱ ውነይ ጠፊኡ
ብኣኺ ’ንዶ ‘ቱ ስመይ ከፊኡ
ደጊምከ ምሳኺ ’ንታይ ኣለኒ
ዕረ ኼንኪ ኣነስ መሪሩኒ
ሕደግኒ፣ ጉዐይ ሕደግኒ!

ሕደጊ ዝብለኪ እናኣበኺ
መዓናጡይ ሓሪሩ ብኣኺ
ቆሲሉ እቱ ልበይ፣ ኮላሊተይ
ከም ብመቑሎ ሓጺን ቀላዊተይ
ከም ሰብ ኩኒ፣ ግበሪ ’ባ ቕጥዒ
ዝበልኩኺ ’ንድሕር ዘይትሰምዒ
መእተዊኺ ሓዚ፣ ተጸግዒ

ክንደይ ሻዕን ክነግራ፣ ክመኽራ
ንዘይትሰምዐኒ እንታይ ክገብራ
ክንደይከ ክዕገስ፣ ክኽእል፣ ክጸራ
ዒር ትብለኒ፣ ንበረኻ ኣስፍራ!
ወይዛ ጉዳም፣ መራር፣ ዕረ
ብጉዐይዶ መዓንጣይ ሓረረ
ከምታ ስማ ሽርባ፣ ጉዕ-በርበረ!

ገ/ኢ. ጐርፉ።

**Back to Meskot**

---

***The views reflected in the above poems are solely of the author and are not necessarily shared by** Meskot**. You may contact** **G.E. Gorfu** **for comments at*** gegorfu@yahoo.com.